# ሓጺር ታሪኽ ናይ ሓውና

# ነፍሲሔር ሃይለመለኮት ደሞዝ:



**ሚያዝያ 14 1942- መጋቢት 29 2014**

ኣቶ ሃይለመለኮት ደሞዝ ካብ ኣዲኡ ወይ/ሮ ሓጉሽ ሰንጋልን ካብ ኣቡኡ ደጀዝማች ደሞዝ ሓጎስን ሚያዝያ 14፡ 1942 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሰንዓፈ ተወልደ። ካብ ቀዳማይ ስጋዕ ሻሙናይ ክፍሊ፡ ኣብ ሰንዓፈ ተማሂሩ ናይ ካልኣይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቱ፡ ኣብ ኣስመራ ቀዳማዊ ሃይለ ስላሴ (ቀ.ሃ.ስ) ሕጂ ብቀይሕ ባሕሪ ዝፍለጥ ቤት ትምህርቲ፡ ናይ ዓሰርተ-ክልተ ክፍሊ ወዲኡ ኣጠናቐቐ።

ድሕሪ እዚ፡ ናብ ስራሕ ዓለም ኣተወ። መጀመርታ፡ ኣብ ቤት-ፍርዲ፡ ተሓዝ ገንዘብ ብምዃን፡ ቀጺሉ ድማ ስጋዕ ናይ ኣውራጃ ማእከላይ ፈራዳይ ኮይኑ ሰረሐን ኣገልገለን። ካብ ዝተወለደሉ ዓዲ ብህዝቢ ተመሪጹ`ውን ንሓደ እዋን(one term) ኣባል ፓርላማ ኮይኑ ኣገልገለ።

ነፍሲሔት ሃይለ መለኮት ደሞዝ ዝተፈልጠ ስፖርታዊ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ላዕለዋይ ክለብ ካብ ዝወዳደራ ዝነበራ ጋንታታት ኤርትራ ኩዕሶ እግሪ፡ ምስ ጋንታ እምባሶይራ ተሰሊፉ ከም ዝተጻወተ ይዝከር።

ዕድሚኡ፡ ንመርዓ ምስ በጽሐ፡ ንወይ/ሮ ኢትዮጵያ መብራህቱ ብ1968 ዓ.ም.ፈ. ናይ መርዓ ቃል-ኪዳን ኣሲሮም ምዉቕን ስኒትን ዝመልአ ሓዳር መስረቱ። ንትዕግስቲ፡ ንኣለክሳንደር፡ ንዮናታን ወሊዶም ኣብ ኤርትራ፡ ብሰላም ክነብሩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ብሰንኪ ስርዓት መግዛእቲ ብዝተፈጥረ ህውከት፡ ንዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ናብ ስደት ኣምርሐ እሞ ብሱዳንን ስዑዲ ዓረብን ኣቢሉ ብ1982 ዓ.ም.ፈ. ናብ ሃገር ኣሜሪካ ስድርኡ ሒዙ ኣተወ።

ኣብ ከተማ ደንቨር፡ ምስ ዓበይቲ ዓብዪ፡ ምስ ናእሽቱ ንእሽቶ እናኾነ ከዕልል፡ ክጻወት፡ ክስሕቕ፡ ንሳላሳ ዓመት ብሰላም ተቐመጠ። ንዕሊ ኩሉ፡ ንኤርትራ ሃገሩ ኣዕዚዙ ዝፈቱን ዝሓልን፡ ንደቂ ኤርትራ ብሓበራ ዘኽብርን ዘፍቅርን፡ ሕማኞን ባእስን ዘይፈቱ፡ ምስ ደቁን በዓልቲ ቤቱን ጽቡቕ ጊዜ ከሕልፍ ዝመርጽ፡ ኣቦን በዓል ሓዳርን ነይሩ። ነፍሲሔር ሃይለመለኮት ደሞዝ፡ ብግርህነቱን ሕያዋይ ኣደቡን፡ ብምሉእ ስድራ ቤቱን ኣዕሩኽቱን ፈተውቱን እናተዘከረ ዝነበር ታሪኽ እዩ ገዲፉ።

እንተኾነ፡ ብዝሓደሮ ሕማም ንዊሕ ዓመታት ተሳቕዩ። ሳላ ክንክንን ሓያል እምነት ኪዳንን በዓልቲ ቤቱን ደቁን ግን ኣብ ኢድ-ሰብን ካልኦት ትካላትን ከይኣተወ፡ ኣብ ቤቱ ብክብረት ክእለ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መጋቢት 29 2014 ዓ.ም.ፈ. ብሞት ካብ'ዛ ዓለም እዚኣ ተፈልዩ።

# Hailemelekot Demoz

## April 4, 1942- March 29, 2014



Ato Hailemelekot was born on April 14, 1942 in Senafe, Eritrea to Hagush Sengal and Dejezmach Demoz Hagos.

At an early age Hailemelekot showed a tremendous interest in education. He attended 1st grade to 8th grade in Senafe. Then, he graduated from Haileselassie Secondary High School (current Red Sea) in Asmara. Afterwards, he worked as a Court Treasurer and later became a District Judge. Towards the end of his career in Eritrea, he was elected to be a Member of the Eritrean Parliament.

Ato Hailemelekot also played professional soccer with Team Embasoira, one of Eritrea's top national teams. On September 5, 1968 he married his sweetheart, Ethiopia Mebrahtu, in Asmara. He was blessed with three children and six grand children.

Due to the political crisis in Eritrea, he left his beloved country with his family and migrated through Sudan and Saudi Arabia and eventually made it to the United States in 1982 where he lived and raised his family in Denver, Colorado.

Our beloved brother Hailemelekot was a person that lived up to his responsibility in all aspects of life. He was considerate, loving and a caring person who loved his country and countrymen. Ato Hailemelekot was an active member of the Eritrean community in Denver and we are sure his passing has left a big void in Denver and beyond. One of his most joyous experiences was witnessing the independence of Eritrea. Ato Hailemelekot is survived by his beloved wife Ethiopia Mebrahtu, his daughter Tigisti, sons Alexander and Yonatan. His grandchildren are Joshua, Adonia, Kaleb, Haregu, Rahwa and Mewael. Ato Hailemelekot was a loving husband, father and a wonderful human being.

May God rest his soul and give strength to his family!